ስለዛ ኣዴና!

ንስለዛ ኣዴና! ኣናተባህለ
ሰባት ክእከቡ
እናሻቡ ክዝረጉ ክበታተኑ፣
ክላዘቡ ጸኒሖም፣ ክነፋፈጉ
ክቀራረቡ ሐግዮም፣ ክፈናተቱ፣
ክፋቐሩ ዊዒሎም ክቀሓሓሩ፣
ክንርኢ ክንዕዘብ
ንተርእዮታት ንግዜ ብምስባብ
ምስ እዋን ንዋኹብ።

ስልኣ ካብ ኮነ እዚ ኩሉ ጉያ!
ባህጊ ልባ - ልሳን ድሌታ፣
ካብ ምእጓድ መጋርያ
ምስወዋር ጓህሪ፣
ካብ ሕሉፍ ምጭኽኻን
ሕማም ምዕቡል ዘመን፣
ካብ ተኣከቡ ተፈንጥሑ
መድርኽ ሰንኮፍ እዋን፣
ወጺኡ ዝወፍር!

ንምጽባብ ፍልልያት
ክዓይ ዘፍቅር፣
ስለዝኾነ ባህጋ!
ነዚ ዝግዛእ ኣዩ - ዘኞስኖ መርባታ።

እምበር!
መጥፍኢ ወገንካ
ስንክሳር ዓጠቕካ
ስለኺ ክትብል፣
ደም እናነብዔ ብርዕኻ
ሳንጣ ምትፍናን ተኾልኪልካ! ክንስኻ፣
ንስለኺ ስለ ደቅኺ ክትብል፣
ምእካብ ምሽብሻብ
ኣየምሕረልካን።
ንዓኣ′ ወን
ኣይንታያን።

ስለዛ ኣዴና!

ብብርሃነ ተኪኤ
ዮቶቦሪ - ሽወደን